# ሕድገታት ዘድልዮ እዋን

ሰውራ ኤርትራ ነቲ ኣብ ኣርብዓታት ዝተራእየ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢንግሊዝ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ንጽነት ዝኸዱ፡ብዘይምኻዱ ኩሉ እቲ ዓቕሙ ነታ ኤርትራ ክውንቲ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ነጻ ንምግባር እዩ ዝጀመሮ።

እቶም ዝጀመሩዎን እቶም ዝተሳተፉዎን ካብ ዝተፈላለየ ኣካል ሕብረተ-ሰብና ምእንቲ ሓንቲ ሃገር ኤርትራ ነጻነት ብዙሕ ደም ተኸፊሉ፥ ብዙሕ ናይ ህዝብና ንብረት ነዲዱ፥ ህዝቢ ተረሺኑ፥ ዓዲ ነዲዱ ተቓለስቲ ኣብ ቤት ምእሰርቲ ጠፊኦም ፥ ደቒ ኣንስትዮ ኤርትራ ተደፊረን፥ ደቐን ስኢነን ሰብኡተን ከሲረን ኮታ እታ ስድራ-ቤት ነቕነቕ ኢላ።

እዚ ዝወረዶ ህዝቢ በቲ እዋን ዝጠልቦ እቲ ንሜዳ ኤርትራ ዝኸይድ ኣብተን ዝነበራ ውድባት ተሓኤ ን ህዝባዊ ግንባርን ክስለፍ እቲ ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዝነበረ ህዝቢ እውን ዘለዎ ዓቕሚ ተጠቒሙ ሓጊዙ፥ ኣስኒቑ ወፍዩ ታተ ኣቢሉዎ ነቲ ሰውራ።እቲ ህዝቢ ኤርትራ እሞ ብዝያዳ ደቁ ከፊሉ ነቲ ሰውራ፥ ኣግማሉ፥ ኣእዱጉ እናሃበ ፥ እናሰንከተን እናመገበን ዝድለ ኣበርኪቶ ፈጺሙ።
እቶም ኣነ ምእንቲ ኤርትራ ክውንቲ ክትከውን ፥ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ'ታ ኤርትራ ሃገር ድማ ዜጋታታ ሓራ ንኽኾኑ ኢሉ ካብ ትምህርቱ / ዩኒቨርስቲ ፥ ስርሑ ገዲፉ ፥ ሓዳሩ ገዲፉ ፥ማሕረሱ ጠንጢኑ ናብ ሜዳ በብእዋኑ እናተሳተፈ ኣብ'ቲ ዝድለ ነታ ዝተጀመረት መስከረም ሓደ 1961 ብ ግንቦት 24 1991 ደምዲሙዋ።

ኣብ'ዚ ናይ ሰላሳ ዓመት ቓልሲ ዝወሰደ ነዊሕ መሪር ቓልሲ ብደረጃ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ሂወት ተኸፊሉሉ እዩ፥ መስዋእትን ምስንካልን ምዝንባልን ናይ ህዝብና ተራእዩ እዩ። እቲ ዝተቓለሰ እንበኣር ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነብር ህዝብና እቲ ናይ ገድሊ ወለዶ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ እጃም ዝገበረ ፥ ነታ ጥልያን ብ 1890 ንባዕዳዊ መግዛእቱ ኢሉ ዝፈጠራ ኤርትር እትብል ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነት ፈጢሩን ክውንቲ ሃገር ዝገበረ ወለዶ ክምስገን ዝግብኦ ናይ ገድሊ ወለዶ እዩ።

እቶም ነጻነት ዘምጻእና ናይ ገድሊ ወለዶ ድማ ምስ'ቲ ጽቡቕ ዝገበርናዮ ድማ ምልኪ ኣብ ኤርትራ ዘምጻእናን ክነግስ ዘተባባዕናን ትም ዝበልናን ስለዝኾና ንሕና ኩላትና እቶም ትግል መንእሰያት ዝነበርና ኢና ነዚ ሓልፍነት ክንስከሞ ዝግበእና። እዚ ነቲ ስርዓት ኢሰያስ ጥራሕ ዝግደፍ ኣነ እንታይ ዘይገበርኩ ኢልና ነብስና ከነድሕን ወይ ነጻ ከነውጽእ ኣይንኽእልን ከም ናይ ትግል ወለዶ።

ሓደ ምላካዊ ስርዓት ስቕ ኢሉ ንህዝቢ ኣይመርሕን እዩ፡ ዘገልግልዎን ዝጣበቑሉን ዝድግፎ ህዝቢን ኣለዎ፡እቲ ዝቓወም ዘሎ እውን ኣነ ድኣ ይቓለሶ ነይረ ኣይኮነን እቲ መልእኽቲ። ንሕና እዚ ናይ ትግል ወለዶ ( ገድሊ ) ነጻነት ዘምጻእናን ምልኪ ዘምጻእና ዝብል እምነት ኣለኒ። በዚ መሰረት ንሕና ነቲ ምልኪ ንኽነግስ ዘተባባዕናን ግቡእ ቃልሲ ዘየካየድናን ትም ዝመረጽናን ተሓተትቲ ስለዝኾና ይቕሬታ ነዚ ተካኢ ወለዶ/ መንእሰይ ወለዶ ክንብሎ ይግባእ ብዘይቐለዓለም።

ኣንታ መንእሰይ ወለዶ ተካኢ ዝኾንካ ካብ ብሽንቱ ግዜኻ ህዝባዊ ግንባር ሸፍታ ነይሩ፥ ጀብሃ ኣስላም ነይራ ፥ ሰብ ጋንባለ ሓንቲ ኣፍልጦ ወይ ራእይ ኣይነበሮምን፥ ስውእት ንዓይ ኢሎም ኣይተሰውኡን ኢልካ ፍቐዶ ናይ ፓልቶክ ፈይስ ቡክ ወዘተ ንቕድመኻ ዝነበረ ወለዶ ከተናሹ ትውዕል ብህድኣት ሓሲብካ ነዚ ቕድሜኻ ዝነበረ ወለዶ ይቕረ ክትገብረሉ እዋን ይጠልበካ ኣሎ። ኣብ ጉዕዞ ሕድገታት ኣገዳሲ ባእታ ኢዩ፡ ይቕረታን ሕድገታትን እንተዘይጌርካ ንቕድሚት ብዙሕ ኣይትስጉምን ኢኻ፡ ንድሕሪት እናተመለስካ ኮፍ ኢልካ ብዛዕባ ትማል ምቑዛም ኢኻ ተተኺልካ ትነብር ሎሚ ገዲፉትካ ድማ ትኸይድ።

ምእንቲ እቲ ሓላፍነት ክትስከም ከም ተካኢ ወለዶ ንቕድሚት ክትሓስብ፥ እታ ናትካ ሓልፍነት ነታ ኤርትራ ከም ልዕላዊት ሃገር ዓቚብካ ምልኪ ኣልጊስካ ሓንቲ ቅዋማዊ ምሕደራ ዘለዋ ሃገር ዘለዋ ፍጠር።

ኣብ ምጥቕላል ንሕና እቶም ናይ ገድሊ ወለዶ ብዘበርከትናዮ እጃም ንተሓበን፥ ነቶም ነቲ ዝኸፈልናሉ ዕዮ ከነኣእሱ ዝውዕሉን ናይ ኤርትራዊ መንነት ንምጥፋእ ዝደልዩ ሓይልታት ግዳም ብሓባር ንከላኸል፥እቶም መንእሰያት ድማ ነታ ጽብቕቲ ናትና ኣኽብሩዋ ነታ ጌጋ ዝገበርናዮ ድማ ብሕድገት እናጠመትኩም ንቕድሚት እጃምኩም ግበሩ። ንሕና ድማ ነታ ሕልናን ነታ ጌጋን ንምእራምን ተሪፉና ዘሎ ዕማም ክሳብ ብሂወት ዘለና" ሕድገታት ዘድልዮ እዋን"ኢዩ ይኣክል ንምልኪ ኢልና ንኽሓሶ ህዝብና።

**ተስፋይ ካሕሳይ**